# ዝኽርኺ ንዘልዓለም

# ብልጽቲ ሓብተይ ተኽኣ ጸጋይ መኮነን

## እብል ሓውኺ

## ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)

ካብ ስደት ሃገር ጣልያ ሚላኖ. . . ኢጣልያ ዕለት፥ 15/05/2018



ካብ እንነብረላ ዓለም ምፍላይኪ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ምስ ኣንበብኩ ክገልጾ ዘይክእል ስምባደ ሓዲሩኒ እንተበልኩ ኣጋንኖ ኣይኮነን፡ ካብቲ ከኹኖ ዝኽኣለ ኸኣ መዘከር ሕውነት መታዓብይተይ ምንባርኪ ናትኪ ሞት ኮም መሰንገለይ ዝተቐጸየኒ ቃንዛ ስለ ዝገበረለይ ኮይኑ፡ እዚ መርድእ እዚ ንመቕርብ ስድራ ቤትኪ ጥራሕ ዘይኮነ ንካብ ብንእስነትና መታዓብይትኺ ምረት ከምዘሕደረልና ክገልጾ እደሊ።

ኣብዚ ሕሱም ዘሎናዮ ዘመን ብዙሓት መታዓብይትና ካብ እንነብረላ ዓለም ተፈልዮምና እዮም እሞ እዚ ሕጂ ናትኪ ምፍላይ ከኣ ዓቢይ ዝኽትምና ይኸነና፡ **በብሓደ ሰብ ወሓደ** ኣቢሉ ኸኣ ናብ ሕሱም ኣስተንትኖ የእትወና እሞ ኣቲ ባህሪያዊ ብሂል ኣቦታት ጽንዓት ይሃብኩም ንኹልና ፈለጥትኺ መታዓብይትኺ እውን ጽንዓት ይሃበና ክብል ካብ ጌሸክዮ ዘሎኺ **ገነት ፈጣር ዓለም**. . ጸሎትኪ ይኹን ምቕሉል ኣስተዋጽኦኪ ኣይፈለየና ሓደራ።

**ብልጽቲ ሓብተይ ተኽኣ ጸጋ መኮነን**

**ኣብ ዘለኽዮ ኰንኪ. . ብሞተይ ኣይትሕዘኑ. . .**

**ንስቓይ ህዝቢ ነጺህኩም ተቓሊስኩም ቅሳነት ኣስፍኑ**

ትብልና ከምዘሎኺ እርድኣኒ እዩ እሞ. . ኣጆኺ ኣጆና ሕድሪ ስዉኣት ንክኽበር ክንጸንዕ ከነጽንዕ ኢና ኢሉ. . ንዓኺ መዘከሪ ንዓይ ከአ ንሓዘነይ መቀባጠሪ ክኾነኒ እዛ መልቀስ ከልቅስ።

**ብልጽቲ ሓብተይ.. . . . . . . ብሰላም ዕረፊ**
**ፈጣሪ ይቀበኪ . . .. .. . . ኣብቲ ናቱ ሑቕፊ**
**ተማህለልልና እኺ . . . ክንድሕን ካብ ጸድፊ**
**ቅሳነት ክጽንብል . . . . . . . . ንኹሉ ተራፊ**

**ሞት ኣይበሃልን እዩ.. . .. ተኸኣ ሓብተይ ናትኪ**
**ኩሉ ጻዕርታትኪ . . .. .. ህዝቢ ይጥዓሞ ኢልኪ**
**ዘይሃስስ ድምቀት . . .. . . . .ታሪኽ ዘመዝገብኪ**
**ኩሉ ዝምስክሮ . . . . . . . . . . . . .ኣገናዕ ናትኪ**

**ጻዕርቕን ጽንዓትክን . . . . . . . ዝኽሩ ኣንበልቢልና**
**እቲ ዝተወፈኽዮ . . .. .. .. . ክም ምህሮ ቀሲምና**
**ንቅሳነት ህዝቢ . . .. . . . . . . . . ክንጽዕር ተቢዕና**
**ታሪኽኪ ንወለዶታት . . . . . . . . . . ክነውርሶ ኢና**

**ዓለም ራሕሪሕክያ . . . . . . . ኣርሒቕኪ ዶ ጌሽኪ?**
**ምስ ሰብ ዓላማ ሓርበኛታት . . ንምንባር መሪጽኪ**
**ንኹልና ይግበረልና . . . . . .ድምቀት ከምዚ ናትኪ**
**መብጽዓ ንምዕዋት . . . . . . . . . . እቲ ጻዕርታትኪ**

**ብልጽቲ ተኸኣ ሓብተይ.. . . . . ኣብቲ ዘለኽዮ**
**ገነት ንንጹሃት . . .. .. . . . . ሕቖፍት ብእግዝዮ**
**ሓደራ ነዚ መልእኽተይ . . . . . . ክምትቕበልዮ**
**ክማላእ እዩ ኣጆኺ . . . . .. . . እቲ ዝተመነኽዩ**

ኢለ እምበኣር ነዛ ሓጻር መልቀሰይ. . **ሰብ ይሓልፍ. . . ታሪኹ ኸኣ ይተርፍ** ስለ ዝኾነ ንሕና እቶም ፈተውትን ተመነይቲ ቅሳነት ህዝብናን ሃገርናን ንመገሻ ብልጽቲ ሓብተይ **ተኸኣ ጺጋይ መኮነን**

ክንጽንበሮ ዘይተርፍ ህያብ ፈጣሪ ስለ ዝኾነ. . . ቅድሚ ምጋሽና. . . እንታይ ይኹን ታሪኽና ሕቶን ነስሓን ነቐድም ሓደራ እብል።

**ሰናይ ቅነ**

**ሰናይ ዕረፍቲ ኸኣ ንተኸኣ ጓል ጸጋይ መኮነን**